# ተመጣላዓይ ኣርሓ ኣብ መቓመጫኡ ይውጋእ

## ገ እንዳበሉኻ ዶ ትጋገ?

## ጌታቸው ረዳ

## (Editor Ethiopian Semay)

## 3/16/24




ጠያይት ሰራዊት ኢትዮጵያ ከም "ማይ ኣይሂ" ኣብ ዝባን መራሕቲ ወያነ ምስ ወረደ ብጅግንነት ባዕሎም "ሰዊኦም" ኢልካ ምልዛይ "ዘረባ ዓጃው" እዩ። ነብሶም ባዕሎም ኣይቀተሉን! ንሙኻኑ "ማይ ኣይሂ" እንታይ እዩ? ማይ ኣይሂ ብግዜ ኖህ ነይሩ ዝባሃል በፈጣሪ ዝወረደ ብርቱዕ ናይ መቕጻዕቲ ዝናብ እዩ። ናብታ ኖህ ዝሰርሓ "መጽለሊት መርከብ" ብእዋኑ ዘይተዓቕበ ሰብ ወይ ኣራዊት በቲ ዝወርድ ሓለንጊ ማይ ኣይሂ "እስከ ወዲያኛው" ንዘልኣለም ከምተውገደ መንፈሳዊ መጻሕፍቲ ይዛረቡ።

ሓደ ፈታዊ 'ሰሚዕካዶ'? ይብለኒ፤ 'እንታይ'? እብሎ።ንሱ ድማ << ኣማውታ እኒ ሥዩም መስፍንን ኣባይ ፀሃየን ኣባይ ነብሶን ህይወቶም ከም ኣፄ ቴዎድሮስ ባዕሎም እዮም ቀቲሎም ዝብል ግጥሚ ኣብ ቶገሩባ ኣንቢበ>> ይብለኒ። ኣነ ድማ እቲ ገጣማይ መን ይባሃል ትበልኩ፤ <<ጂ ጂ /ጐርፉ ገብረእግዚአብሔር > ይባሃል ይብለኒ።ኣነ ድማ እብሎ ፤ "እቲ ናይ ቴክሳስ

ካውቦይ ‘ምንጭራም ቆቢዕ’ ገይሩ ምሸት ምድሪ ኣብ ገዝኡ ከይኑ ቃለ መሕትት ዝህብ ድዩ? ውይ! ንሱስ ይኸውን እዩ ብለኩዎ፡፡ እሞ! ቅድሚ’ቲ ውግእ ምጅማሩ ን’ኒ ሥዩምን ኣባይን ዝመስሉ ካብ ኣሜሪካ ተዳልዮም ንጸላኢ ከጋግዩ ዝተሰርሑ ““ቶፖሊኖታት” (ቃንጫ መርዓት-Ai) ኣምበር እኒ ሥዩም ኣይኮኑን፤ ንሶምስ ሕዚ’ውን ኣብ ተምቤን ኣበርገለ “ተጋደልቲ የሰልጥኑ ኣለው”>> ክብለና’ውን ስለዝኽእል “ብዘበን ውቤ ዝጸመመ፤ ዝባን ውቤ እናበለ ሞተ” ስለዝኾን፤ “ብዘበን ወያነ ዝጸመመ” ጂ ጂ ፤ ‘ንምታይ ጸሚምካ’? ኣይንብሎን።

እቶም ኣብ ባዓቲ ዋዓግ ተሓቢኦም ካብ ጸድፊ ብቓሬዛ ብምራን ተተጎቲቶም ነቶም ናብ ባይታ ዝወረዱ ናብ ገጽ “ዋዓግን” ናብ ገጽ “ሬሳን” ተቐይሮም ንክትርእዮም “ዘሰምብዱ” ፍጥረታት ተቐይሮም ዓለም ዘደንገጸ ምርኢት ከ እንታ ዝብል ግጥሚ ገጠመሎም? በልኩዎ። መሓዛይ ድማ ኣስዕብ ኣቢሉ <<እዋእ ንሱስ ከፉእ ትርኢት ኢና ርኢና!ካሊኣ ትርኣዮ! በለኒ።

ዳሓን ናቶምስ ይጽናሕ፤ እቶም ቀዳድ ኮበት ተኸዲኖም ነጸላ ዝደረቡ ፤ መን እዩ ሽምካ?፤መን ትባሃል? ተሓቲቶም “መሓመደ” ኢሎም ሽሞም ዝቐየሩ፤ ዳሓር ግን <<ብጾት ወ ብጾት>> ሙኻኖም መንነቶም ምስተፈልጠ “ኣብ ስሪኦም ዝተባላሸው (በቶም ዝሓዙዎም ወታሃደራት “ቋንቋ” ‘የቀዘነ’ ኢሎም ዝጽውዕዎም) ኣብ መዝገቦም ዝተርከሱ (ኣብ ስሪኦም ዝተርከሱ)፤ ምሩኻትከ “ጂ ጂ” እንታይ ዘድምጽ ናይ “ጅግንነት” ግጥሚ ኮን ገጢሙሎም ይኾን? በልኩዎ።

እኒ ኣባይ ፀሃየ እኒ ሥዩም መስፍን እኒ ኣባይ ነብሶ (ዓይነ ስውር) ባዕሎም ኣይቀተሉን። ባዕሎም ከምዝቐተሉ ‘ጐርፉ’ መረዳእታ ከቕርብ ኣለዎ። ክሳብ ዘየቕረበ እዋን እቲ ሓበሬታን መረዳእታን “ብስእሎምን” ብካልኣይ መረዳእታን እንትፍተሽ ከሚቲ ኣብ ታህቲ ዝሃብኩዎ ናይ’ቶም ዝሞቱ ኣካላዊ ጉድኣት ብስእሊ ዝርኣይ፤ ክምኡ’ውን ብርጋዴር ጅነራል ተስፋየ ኣያሌው ንጋዝጠኛታት ዘሃቦ መግለጺ ቪዲዮን ብፍላይ ድማ ኣብ ቪ ኦ ኤ ክፍሊ ኣምሓርኛ ምስ ጋዜጠኛ ጽዮን ዝሃቦ መብርሂ ምስማዕ የድሊ፡፡

ካልእ ቀርዩ ገሊኦም “ግደፉና ማሓሩና” እንዳበሉዎም፤ ሻዕቢያ እዩ ረሺኑዎም ይብሉ። እዚ ቦጎግ እዩ። እቲ ሓቂ ግን ምስ’ቲ ኢትዮጵያዊያን ወታሃደራት መረዳእታ ዝሃቡዎ ኣንጻራዊ እዩ።

ህቦቡላ ጠያይት ፤ ከም ሓለንጊ ማይ ኣይሂ ኣብ ዝባኖም ዝወረዶም ገበኞታት መራሕቲ ወያነ ባዕሎም ኣይቀተሉን!” ኣብ መወዳእታ ክባሃል ዘለዎ ነገር እንተልዩ << ካበዚ የድሕነና እዩ ዝብል>>። “ብዙሕ ስሕለት ይመትር፤ ብዙሕ ድፍረት ይቐትል” እወ ብዙሕ ደፊሮም፤ እወ ከምቲ ወለዲ ዝብልዎ << ተመጣላዓይ ኣርሓ ኣብ መቐመጫኡ ይውጋእ>> እዩ ነገሩ።

## ሰበር ዜና -የነ ስዩም መስፍን አባይ ጸሃዬ እና አስመላሽ ወ/ስላሴ አ-ስ-ከ-ሬ-ና-ቻ-ው የወጣ አዲስ መረጃ

https://youtu.be/_ffc9idZ4tU?si=E6Lw0pXUXteK39kJ

## በቁጥጥር ስር የዋሉት የጁንታው አመራሮች አዲስ አበባ ሲገቡ

https://youtu.be/lHQBRpQeo2I?si=cwiZacGnTAglYZea

ጌታቸው ረዳ (Editor Ethiopian Semay)